S-ERI FORUM

Svensk-Eritreanskt Forum för Utvecklingssamarbete
Swedish-Eritrean Forum for Development Cooperation
ሽወደናዊ-ኤርትራዊ መጋባእያ ንልምዓታዊ ምትሕግጋዝ

# ጋዜጣዊ መግለጺ

2008-10-14

## 10 000 ቆጸርቲ ጸዓት ንገጠራት ኤርትራ

ብዕለት 18 መስከረም ሽወደናዊ ኤርትራዊ መጋባእያ ንልምዓታዊ ምትሕግጋዝ (ሴሪ-ፎርም)፡ ካብ ሃገር ሽወደን ዝለኣኾ ቆጸርቲ ጸዓት(ኮንታተረ)፡ ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ወደብ ባጽዕ ንክኣቱ ትጽቢት እግበረሉ ኣሎ።

ሴሪ-ፎርም፡ ከም መቐጸልታ ነቲ ኣብ 2004 ዝጀመሮ፡ "ብርሃን ንህዝብና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝፍለጥ ፕሮጀክት፡ ሕጂ እውን ብሓገዝ ካብ ኡመዮ ኤነርጂ (Umeå Energi) እትበሃል ትካል ዝተረኽበ 9 000 ቆጸርቲ ጸዓት፡ ካብ ሉንድ ኤነርጂ፡ (Lunds Energi AB) ኣስታት1 400 ቆጸርቲ ከምእዉን ኣስታት 700 ዝኸውን ዘመናዊ መጣን-ዋሕዚ ኤሌክትሪክ (fuse) ካብ ኣብ ከተማ ኡፕሳላ ትርከብ ትካል Kontex AB ልኢኹ። ሴሪ-ፎርም፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብ ገጠራት ኤርትራ ንምብጽሑ ብሓፈሻ ከኣ ገጠራት ኤርትራ ንምልማዕ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ስራሕ ንምቅልጣፍ ሓጋዚ ከም ዝኸውን ይኣምን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እውን ብተመሳሳሊ ካብዘን ትካላት ብሓገዝ ዝተረኽበ ዋጋ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ክሮነር ዝትመን፡ 11 000 ቆጸርቲ ጸዓት፡ ናብ ኤርትራ ከም ዝተሰደደ ይዝከር።

ብሰራሕተኛታት ትካል መካይን ቮልቮ ዝቖመ Volvoanställdas u-hjälpsförening ዝበሃል ማሕበር ምትሕግጋዝ፡ ወጻኢታት መጓዓዚኡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሽወደን ይኹን ናብ ወደብ ባጽዕ መልኣኺ ንምሽፋን፡ ንሳልሳይ ግዜ ኣስታት 60 000 ክሮነር ስለ ዝወፈዩ፡ ፍሉይ ምስጋና ከምዝግባኦም ሴሪ-ፎርም ሓቢሩ።

በዚ ኣጋጣሚ ሴሪ ፎርም ንፕሮጀክት "ብርሃን ንህዝብና" ኣብ ምስልሳል ንዝተሓጋገዛ ሽወደናውያን ትካላት ጸዓት ኡመዮ ኤነርጂን፡ ሉንድ ኤነርጂን፡ ኣብ ምጥርናፍ ጽዕነት ንዝትሓጋገዙ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ከተማ ኡመዮ ከምኡውን ኣባላት ሴሪ-ፎርም ኣብ ከተማ ዮተቦሪ፡ ብልቢ የመስግን።

ኣባላት ሴሪ ፎርም ኣብ ኩለን ከተማታት ሽወደን ቀጻሊ ምእካብ ቆጸርቲ ጸዓት ከም ዝህሉ ደጊሞም የረጋግጹ። ነዚ ፕሮጀክት ንምሕያልን ብፍላይ ከኣ ንወጻኢታት መጓዓዝያ ንምሽፋንን፡ ዝሽየጥ ዘሎ ቆቢዕ ዝገዛእኩም ብልቢ እንዳ ኣመስገንና፡ ወፈያኹም ናብ Plusgiro 31 74 76-0 ክትልእኩ ብትሕትና ነማሕጽን።

ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ሴሪ-ፎርም ንምዕዋት፡ ደገፍን ምትብባዕን ናይ ኩሉ ተገዳሲ ከምዘድሊ እናዘኻኸረ፡ ብቐረባ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.seriforum.org ንኽትከታተሉ ይዕድም።

ኣድራሻና:

Svensk-Eritreanskt Forum för
Utvecklingssamarbete (S-ERI Forum)
Box 130 49
103 01 Stockholm
info@seriforum.org

076-595 85 37, 070-445 12 51
www.seriforum.org

Plusgiro 31 74 76-0

